# ንምዕጣቅ ምስራሕ
# ሕቶን መልስ (ምምሕልላፍ ብጾታዊ ርክብ)

1. ከመይ ኢሉ ኤች.ኣይ.ቪ ብጾታዊ ርክብ ይመሓላለፍ፧

   ኤች.ኣይ.ቪ ዝመሓላለፈሉ ሓደ መንገዲ ጾታዊ ርክብ ኢዩ። ኤች.ኣይ.ቪ ብጾታዊ ፈሰስቲ ክልቲኦም ጾታታት ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካልእ ይመሓላለፍ። እዚ ከኣ ቅድሚ ጾታዊ ርክብ ብደቂ ተባዕትዮ ዝንጸግ ፈሳሲን ደም ወርሓዊ ጽግያት ደቂ ኣንስትዮን የጠቃልል። እዚ ህዋስ ካብቲ ሓደ ሰብ ሓሊፋ ናብ ኣካላት እቲ ካልእ ይኣቱ። ብሓንቲ ጾታዊ ርክብ ምስ እዚ ህዋስ ተሰኪሙ ዝነብር ሰብ ክትልክፈ ተኽእሎ ኣሎ። ከይትልክፍ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ነብሲ ወከፍ ዘይከጋጥም ዝኽእል ድማ እዚ ህዋስ ኣብ መትኒታት ደም እንተ ሰሊኹ ኢዩ መልከፍቲ ዝስዕብ። ሓደ ሰብ፣ ተሰካሚ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ኰይኑ ምስ ዝነብር ሰብ ጾታዊ ርክብ ክፍጽም ከሎ ንክልከፍ ዘሎ ተኽእሎ ምስኡ ተኣሳሲሮም ክርኣዩ ዘለዎም ረቋሒታት ኣለዉ። እዚኣቶም ከኣ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት፡ ዓይነት ጾታዊ ርክብ፡ ኣጠቃቅማ መከላኸሊ፡ ኣብ ርሕሚ ጓል ኣንስተይቲ ዝህልዉ ቀዳዳትን ካልኦትን ኢዮም።

2. ከመይ ገይረ ውሑስ ጾታዊ ርክብ ክፍጽም እኽእል፧

   ኣብ ዝተፈላለየ ምድብ ኣእቲና ክንርእዮም ዘለና ምስ ጾታዊ ርክብ ዝተኣሳሰሩ ተግባራት ኣለዉ። ቀዳማይ፡ እቶም ምምሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪ ዘይዕድሙ ተግባራት ኢዮም። እዚኣቶም ድማ ምስዕዓምን ምትንኻፍን የጠቃልሉ። ሓደ ግሉጽ ክኸውን ዘለዎ ነገር ከኣ ዘይሓወየ ቁስሊ ኣብ ዝህልወሉ፣ ምትንኻፍ ጾታዊ ፈሳሲ ክህሉ የብሉን። እቲ ካልኣይ ኣብ ዝተሓተ ኣስጋኢ ምድብ ዝኣቱ እውን ኣፋዊ ጾታዊ ርክብ የካትት። ናይ መወዳእታ፡ ካብ ንዝለዓለ ሓደጋ ዘቃልዑና ተግባራት ድማ ከም ከንዶም ከይተጠቀምካ ምስ ተሰካሚ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ኰይኑ ዝነብር ሰብ ጾታዊ ርክብ ምፍጻም ኢዩ። ከንዶም ብምጥቃም፣ ኩነታትካን መጻምድኻን ብምፍላጥ፣ ውሑድ ቁጽሪ ዕርክነት ክህልወካ ብምውሳን፣ ብዝበለጸ ድማ ሓደ ካብ እዚ ህዋስ ነጻ ዝኾነን ሓደ ምስ ሓንቲ ዝኣምንን መጻምዲ ብምርካብ ጾታዊ ርክብ ውሑስ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። መጽናዕትታት ከም ዝሕብርዎ፣ ተሳትፎ ደቂ ተባዕትዮን ኣንስትዮን ኣብ ብዕድመ ደፊእካ ወይ ደንጕኻ ዝግበር ጽታዊ ርክብ ተሰካሚ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ኰይንካ ናይ ምንባር ዕጫ የጉድል ኢዩ። ግልጺ ንምግባሩ እዚ ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ኢዩ። እዚ ህዋስ ብእንኮ ጾታዊ ርክብ ምስ ተሰካሚ ኰይኑ ዝነብር ሰብ እኳ ክመሓላለፍ ይኽእል ኢዩ።

3. ኣፋዊ ጾታዊ ርክብ ውሑስ ዲዩ፧ ክሳብ ክንደይ ውሑስ፧

   ካብ ባህርያዊ ጾታዊ ርክብ ኣፋዊ ጾታዊ ርክብ ዝተሓተ ጉድኣት ኣለዎ ክብሃል ይከኣል ኢዩ። ይኹን እምበር ካብ ሓደጋ ነጻ ማለት ኣይኰነን። ኤች.ኣይ.ቪ ተመሓላሊፉ ንኣካላትና ከጥቅዕ ኣፍና ብዙሕ ዕድል ዝህብ ኣይኰነን። ከም እተጠቅሰ፣ ኤች.ኣይ.ቪ ብፈሰስቲ ጾታዊ ርክብ ክመሓላለፍ ከም ዝኽእል ኢዩ። ብኣፋዊ ጾታዊ ርክብ ክመሓላአፍ እውን ይኽእል ኢዩ። ክልቲኡ ብምምዝዛን ግና በዚ መንገዲ ክመሓላለፍ ዝተሓተ ተኽእሎ ኣለዎ። ሓደ ሓደ ረቛሒታት ንክመሓላለፍ ዝያዳ የርብሕዎ ኢዮም። ቁስሊ ወይ ጽሕታር ኣብ ኣፍ ኣብ ዝህልወሉ ኣዚ ህዋስ ንኣካላትና ክብክል ዝለዓለ ዕድል ይፈጥር። ብጾታዊ ርክብ ዝኽሰቱ ሕማማት፣ ኤች.ኣይ.ቪ ኣብ እዋን ኣፋዊ ጾታዊ ርክብ ንክመሓላለፍ ርሒብ ዕድል ክኸፍቱ ይኽእሉ።

4. ከመይ ገይረ ምምሕልላፍ ብኣፋዊ ጾታ ርክብ ከቃልል እኽእል፧

   ደቂ ተባዕትዮ ከንዶም ክጥቀሙ ደቂ ኣንስትዮ እውን መግትኢ ክጥቀማ ይግባእ። እዚ ከኣ መጻምዲ ጾታዎ ፈሰስቲ ካብን ናብን ከይመሓላለፉ ይከላኸል ኢዩ። ኣፋዊ ጾታዊ ርክብ ኣብ ዝፍጸመሉ፣ ዝኾነ ከፋት ልሕጻጽ ወይ ቁስሊ ከይህሉ ምርግጋጽ። እዚ ከኣ እንተላይ ድሕሪ ተረርቲ መግቢ ምምጋብ ወይ ኣስናንና ምጽራይ ዝግበር ኣፋዊ ጾታዊ ርክብ ምውጋድ የጠቃልል።